# ኤርትራ - ምድረ ባሕሪ
## ካልኣይ ክፋል - ሓያል ቁጥዐ



ደራሲ - ኣልኣሚን መሓመድ ስዒድ
ኣቕራቢ - ዶ/ር ኣሕመድ ሓሰን ድሕሊ

ደራሲ ናይ'ዚ መጽሓፍ'ዚ እቲ ብዙሕ ዕምቆት ዘለዎ ሓዉ ኣልኣሚን መሓመድ ስዒድ ስለዝኾነ፡ ኣብዚ ዓንቀጽ'ዚ ብዝተወሰነ ቃላት ንዕምቆቱ ክትፍትሽ ንስፍሓቱ ክትምትር ዘከኣል ኣይኮነን። ንሱ ሓርበኛ ተጋዳላይ፡ ውሕሉል ፖለቲከኛ፡ ክኢላ ዲፕሎማሰኛ፡ ምኩር ተዛታዩ፡ መሃዚ ጽሓፊ፡ ቅድሚ ኩሉ ኸኣ ኣዝዩ ምቅሉልን ካብቲ ኣብ 1966 ኣብ ሰውራ ኤርትራ ዝተሰለፈሉ ዕለት ክሳብ ሕጂ ኣብ ዝኣመነሉ ጉዳይ ጽኑዕን ተባዕን ሰብ እዩ። ንምእንቲ ሓርነት፡ ናጽነት፡ ብልጽግናን ምዕባለን ህዝብን መሬትን ኤርትራ ድማ ገና ነቲ ሃብታም፡ ነዊሕን ዝተሓላለኸን ቃልሱን ምሃዝነቱን ይቅጽሎ ኣሎ።

ኣብ ርእሲ'ዚ መጻሕፍቲን ምህዞታትን ሓዉ ኣልኣሚን ኣብ ጋብላ ታሪኻዊ፡ ፖለቲካውን ስነ-ጽሑፍን ፍርያት ከም ዓይኒ-ማይ ብቀጻሊ እናፈልፈለ ዝፈስስ እዩ። እቲ **"ምስጓምን ምንቁልቋልን"** ዝብል ኣርእስቲ ዝወጸ ታሪኻዊ ሰነድ መጽሓፉ ንሃገራዊ ቤት ንባብ ኣሃብቲሙ እዩ። ንሰውራ ኤርትራ፡ ውሽጣዊ ግርጭታቱ፡ ዝሰገሮ

ጽንኩር ኩነታትን ዝተሓላለኸን ዝተጠናነገን መድረኻቱን ብዘየወላውል ብንጹር ገሊጹዎ ኣሎ። እዚ ኣብ መስከረም 1992 ኣብ ኣስመራ ተሓቲሙ ዝተዘርግሐ መጽሓፍ'ዚ ነቲ ከም ፈልፋሊ ዓይኒ-ማይ ዘየቛርጽ ኣብ ታሪኽ ሰውራ ኤርትራ ኣዝዩ ዝተሓላለኸን ተኣፋፍን መድረኽ ብትብዓት ስለዝበርበረ ንኩሉ ወገን'ዩ ኣበራቢሩ። ስለዚ ኸኣ ምሁራት፡ ጽሓፍቲ ታሪኽን ፖለቲከኛታትን ኤርትራውያን ኣብ ምርዳእ፡ ምንባብን ምትንታንን ኣብ ገለ ካብ'ቲ ሓዉ ኣልኣሚን ዘልዓሎ ታሪኻዊ ፍጻሜታት ዝተፈላለየን ተገራጫውን ርእይቶታት ክህልዎም ዘገርም ኣይኮነን።




እዚ ድማ ንጽሓፍን መጽሓፉን ከም ጽቡቕ ዝሕሰብ'ዩ። ምኽንያቱ ነቲ ረጊኡ ዝጸንሐ ተጻራርን ተገራጫውን ኣተሓሳስባታት ኣምኪኹ ዝፈሰሰ ጥዑይን ባህርያውን ሂወት ስለዝሃቦ።
ደራሲ ኣልኣሚን ኣብዚ ግርጭታት ሰውራ ኤርትራ ዝተንተነሉን ዝሰነደሉን ቦኽሪ ታሪኻውን ፖለቲካውን ፍርያቱ ናይ ተመራማሪ ታሪኽ ተራ ክጻወት ከሎ፡ ድሕሪ ትሸዓተ ዓመታት ብፍላይ ኸኣ ኣብ 2001 ድማ "መሬት ኤርትራ'ምበር ህዝባ ኣየድልየናን" ዘርእስቱ ኤርትራን ተጻባኢ ባህሪ ገዛእቲ ኢትዮጵያን ዘነጽር ካብ ቤት

ማሕተም ቀይሕ ባሕሪ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ዝወጸ ካልኣይ መጽሓፉ ዘርጊሑ። ደራሲ ኣብ'ዚ መጽሓፍ'ዚ ንድሕሪ ባይታ ዶባዊ ኲናት ኤርትራን ኢትዮጵያን ጠንቂታቱን ብዕምቀት ተንቲኑ። ናይ'ቲ ካብ 1998 ክሳብ 2000 ኣብ መንጎ ክልቲአን ሃገራት ዝቀጸለ ኣዕናዊ ኲናት ንምብራዕ ጠንቂ ዝኾነ ኣስፋሕፋሒን ኣዕናውን ሕቡእ ኣጀንዳ ስርዓት ወያነ ኢትዮጵያ ኸኣ ኣቃሊዑ።




ካብቲ ካልኣይ መጽሓፉ ዝወጸሉ ድሕሪ ሓደ ዓመት ኸኣ ኣብ ግንቦት 2002 ብቤት ማሕተም ሕድሪ ኣስመራ ዝተሓተመ "ሕድገት ዘየፍቅድ መሰል" ዘርእስቱ ሳልሳይ መጽሓፍ ዘርጊሑ። ደራሲ ኣብዚ ሳልሳይ መጽሓፉ ንዘለዎ ልዑል ዓቕሚን ብቕዓትን ተጠቒሙ፣ ነቲ ኣብ መንጎ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራን ዝወደቀ ስርዓት ደርግ ኢትዮጵያን ዝካየድ ዝነበረ ታሪኻዊ ፍጻሜታት መስርሕ ሰላማዊ ዘተ ብልዑል ንጻረ፣ ምሉእ ወድዓውነትን ልስሉስ ኣቀራርባን ተንቲኑ። ሕጂ ድማ ሓው ኣልኣሚን መሓመድ ስዒድ ሓድሽ ኣፍ-ደገ ክፈቱ ጥራሕ ዘይኮነ፣ ካብ መጨረሽታ 19 ክፍለ ዘመን ጀሚሩ ክሳብ መጀመርታ 21 ክፍለ ዘመን ንዘሎ ነዊሕን ሃብታምን ታሪኻዊ

መስርሕ ዝሽፍን “ኤርትራ - ምድረ ባሕሪ” ዘርእስቱ ዓቢ ስነ-ጽሑፋዊ ስራሕ ኣበርኪቱ ኣሎ። እዚ ሓድሽ ፍርያት'ዚ ተኸታተልቲ ክፋላት ዘለዎ ኮይኑ፡ ቀዳማይ ክፋል “ሸውሃት” ዝብል ኣርእስቲ'ዩ ዘለዎ።
ኣብዚ “ሸውሃት' ዝብል ክፋል ኣብ ክሊ ስነ-ጥበባዊ ዕዮ ንዝተዋህቦም ስራሕ ዝተፈላለየ ተራ ብዝጻወቱ ገጸ-ባህርያት ቅድሚን ድሕሪ ምእታውን መግዛእቲ ጥልያን ንዝነበረ ታሪኻዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ማሕበራዊ፡ ቊጠባውን ባህላውን ሂወት ኤርትራ ብቐጥታዊ ስነ-ጽሑፋዊ ኣገባብ፡ ብዝቀለለን ኣዝዩ ስሓብን ልስሉስን መገዲ ገሊጹዎ ኣሎ። ነዚ ስነ-ጽሑፋዊ ዕዮ'ዚ ፍሉይ ጣዕሚ ዝህቦ ንገለ ቦታ ዝሽፍን ፈኩስን ሕቡእን ናይ ውልቃዊ ሂወቱ ታሪኽ'ውን ኣሎ። ይኹን'ምበር ኣብ ፍሉይ ኩነታት እሞ ኸኣ ብዘይቐጥታዊ ኣገባብ እንተ ዘይኮይኑ፡ እቲ ውልቃዊ ታሪኽ ሂወት ኣተኩሮ ኣንባቢ ከይስሓበ ሸፈፍ ኢሉ ምእንቲ ክሓልፍ ጉሊሑ ንኸይርአ ኣዝዩ'ዩ ተጠንቂቑ።

ደራሲ ብኣንጻር ናይ'ቲ ሕሉፍ ፍርያቱ፡ ንዝተፈላለየ ዕምቀት ዘለዎምን ቡብዓይነቶምን ፍጻሜታት ንምትንታን ብዘይ ናይ ደገ ጽልዋ ብቃል ናይ'ቶም ደቀባት ንምቕራቡ፡ ነቶም ነፍሶም ምግላጽ ውሽጣዊ ስምዒታቶም ንምንጽብራቕ ዝመረጾም ጠባያት ናጽነት ዝህብ ስነ-ጽሑፋዊ ኣገባብ'ዩ ተጠቂሙ። ባህሎምን ወግዖምን ይገልጹ። ቊጠባውን ማሕበራውን ኩነታቶም የንጸባርቑ። ልዕሊ ኩሉ ኸኣ፡ እቶም ጠባያት ብሃገራዊ ጉዳይ ዝሓመሙ እዮም። እቲ ምኽንያት ካብ ግዜ ንእስነቶም በቲ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ኩናት ዓለም ንኤርትራ ዘሳቀየ ፖለቲካዊ፡ ቊጠባዊ፡ ማሕበራውን ባህላውን ሓዊ ዝተለብለቡ ስለዝኾኑ ተራኺ ኣብዚ ቀዳማይ ክፋል፡ ፍጻሜታት ኣብ ምዝንታው ናቱ ቀጥታዊ ምትእትታው ከይገበረ በቶም ዝመረጾም ጠባያት ከምዝቀርብ ምግባሩ ዕዉት ነይሩ። በዚ ምኽንያት ኸኣ ኣንባቢ እቶም ኣብ ስነ-ጽሑፋዊ ዕዮ ዝተመርጹ ገጸ-ባህርያት ናጽነታዊ ድሌቶም ዝተመንዝዐ ኮይኑ ኣይረኽቦምን። ብኣንጻሩ'ኳ ድኣ ብምሉእ ናጽነት ዝንቀሳቀሱ፡ ብሓርነት ዝሓስቡን ብምልኣት ዝዛረቡን ኮይኖም'ዮም ረኺቡዎም። ኣብ ናይ ሓጺር ዛንታ ዕዮ እቲ ዝኸበደ ስራሕ ኸኣ ንሱ እዩ።

ልክዕ'ዩ ኣብ ቅድሚና ፍጹም ፈጠራዊ ስነ-ጽሑፋዊ ዕዮ ኣይኮነን ዘሎ። ስለዚ ኸኣ ደረጃ ብደረጃ ወይ ብዓርሞሽሽ ሰውራ ወይ ኸኣ ብፍኑው ኣገባብ ወይ'ውን ብሃንደበትን ፍጹም ምዝንጋዕ ኣዘንታውን እቶም ዝተመርጹ ጠባያት ካብ ቁጽጽር ደራሲ ክወጹ ኣይክእሉን እዮም። ምኽንያቱ ብልበወለድ መልክዕ ዝቀረበ ሓቀኛ ታሪኻዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ቊጠባውን ባህላውን ፍጻሜታት ስለዝኾነ። እዚ ክንብል ከሎና ግን

ኣብ ከምዚ ዓይነት ፍርያት ፈጠራዊ መልክዕ ኣይጥቀምን ማለት ኣይኮነን። ብዝኾነ ግን ኣብዚ ፈጠራዊ ዕዮ ዕላማ ዘይኮነስ ኣገባብ እዩ። ስለዚ ኣብ ዝተወሰነ ዕማም ፈጠራዊ ዕዮ ምጥቃም ዘገርም ኣይኮነን።
ደራሲ ነቶም ዘልዓሎም ጉዳያት ንምብራህ ዝተፈላለዩ ገጸ-ባህርያት ተጠቂሙ እዩ። እድሪስ መሓመድ ሳልሕ ጃብር ከኣ እቲ ቀንዲ ገጸ-ባህሪ እዩ። ብውልቁ ከፋልጠና ከሎ ብመገዱ ኣቢሉ ከኣ ብዘይ ቐጥታዊ ስነ-ጥበባዊ ኣገባብ ብዛዕባ ሓፈሻዊ ኩነታት ኤርትራ ከምዚ ክብል የፋልጠና። "እድሪስ ንሼኽ መሓመድ ሳልሕ በኹሪ ወዱ ኣይኮነን። ኣቦኡ ብዛዕባ ምህጋር መሬትን ሰፈራን ኢጣልያውያን ብዝምልከት ዘዘንትወሉ ዝነበረ ዕድሚኡ ንእሽቶ ስለዝነበረ ይርድኦ ኣይነብረን። 12 ዓመት ዘይበጽሐ ድሩት ኣፍልጦ ዝነበሮ ቀልዓ'ዩ ነይሩ። ኩሉ ሓሳቡን ቀልቡን ልዕሊ መዛንኡ ንኽርእን ኣብ ቅድሚ ኣቦኡን ሓወቦታቱን ኩርዓት ንኽሰምዖ ጸወታ "ኣስቲን" "ያህለለን" ብኽመይ ከምዝመልኽ'ዩ ዝሓስብ ነይሩ። እንተኾነ ግን እድሪስ ብኻልእ ሸነኽ'ውን ዓባዩ ሓሊማ እተዘንትወሉ"ጓሳ፡ ጤልን ዝብእን" ዝብል ጽውጽዋይ ብጣዕሚ'ዩ ዝስሕቦ ነይሩ። ከምኡ'ውን ጽውጽዋይ ነጋዶ ገላዩ ንዝጨወይዋ ሕጽይቱ ዝደለ ዝነበረ "ስሄል" ንዓመጽቲ ኣብ ምምካት ዘርእዮ ዝነበረ ትብዓት ኣዝዩ የድንቖ ነበረ።

ደራሲ ንሓቀኛ ጠባይ ናይቶም ዝመረጾም ክውንነታውያን ገጸ-ባህርያት ንኽንግንዘብ'ዩ ገይሩና። መሰረታዊ መለለይኦም ከም ኩሎም ኤርትራውያን ህጻናት ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ከኣ ከም ኩሎም ኣብ ከተማ ምጽዋዕን ከባቢኣ ዘለዋ ዓድታትን ዝርከቡ ህጻናትን እዮም። ምኽንያቱ እድሪስ መሓመድ ሳልሕ ሓደ ካብቶም ካብ ወደብ ምጽዋዕ ገለ ኪሎ ሜተራት ርሒቓ እትርከብ ሓሊብ ዝተባህለት ዓዲ ስለዝኾነ። እድሪስን ኣዕርኹቱ ኣስማዒል ዕመሪትን ሓጉስ ኣርዓዶምን እናዓበዩ ክኸዱ ከለዉ፡ ብኡ መጠን ከኣ እቲ ኣብ ኤርትራ ዘጋጠመ ዓበይቲ ፖለቲካዊ ፍጻሜታት ይምዕብልን ይሰፍሕን ነበረ። እዚ ክንብል ከሎና ከኣ ምምጻእ መግዛእቲ ጥልያን ናብ ኤርትራ ኣብ መጨረሽታ 19 ክፍለ ዘመን እዩ። ድሕሪ ፈሽስታዊ መግዛእታዊ ኢጣልያ፡ ሞጉዚትነት ብሪጣንያ ኣብ መወዳእታ ካልኣይ ኩናት ዓለም መጺኡ። ቀጺሉ ከኣ ብሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን ብሪጣንያን ዝተጠጀአ ፈደራላዊ ውዲት ኣብ መንጐ ኤርትራን ኢትዮጵያን ተኣሊሙ። ውሽጣዊ ቁርቁሳተን ብኣህጉራውያን ሓይልታት ዝመሓደር ፖለቲካውያን ሰልፊታት ኤርትራ ድማ ተራቢሐን። ከምኡውን ንዞባውን ኣህጉራውን ውዲታት

ከቃልዓን ንዅሎም ሃገራውያን ሓይልታት ኣብ ሓደ ሃገራዊ ዕላማ ከሰምራን ንሃገር ካብ'ቲ ዘጋጠማ ነውጺ ኣውጺኦን ናብ በሪ ሰላም ከብጽሓን ኣይከኣላን።
ኣብ ውሽጢ ከምዚ ዝኣመሰለ ኩነታትን ፍጻሜታትን ሜዳ ኤርትራ ካብ ዝዀነ ኣህጉራዊ ወገን ተቆጻጻሪ ዘይብሎም ንሰበ-ስልጣን ኢትዮጵያ ምትራፉ ዘገርም ኣይኮነን። ብመሰረቱ እውን ተራኦም ክጻወቱ ይኽእሉ'ዮም ኢልካ ተሰፋ ዝግበረሎም ኣይኮነን። ምኽንያቱ ንፍትሓውን ሕጋውን መሰል ርእሰ-ውሳነ ህዝቢ ኤርትራ ብተግባር ኣብ ምግሃስ ፖለቲካዊ ውዲታት ዝፍጽሙ ዝነበሩ ንሳቶም ስለዝዀኑ። ኤርትራ ከምተን ካልኦት ግዝኣታት ኢጣልያ ዝነበራ ሃገራት ኣፍሪቃ ሊብያን ሶማልን ናጽነታ ክትረክብ ኣይከኣለትን። ኢምቦሮጦርያዊት ኢትዮጵያ ድማ ቀስ ብቀስ ንፌደራላዊ ስርዓት ከተፍርሶ ጀሚራ። ምስኡ ተተሓሒዙ ኸኣ ኢትዮጵያውያን ኣባላት ጸጥታ ኣብ መላእ ሃገር ራዕዲን ሽበራን ምስ ፈጠሩን ንዝዀነ ኤርትራዊ ዜጋ ሃገራዊ ባእታ ብምኳኑ ጥራሕ ብጥርጣረ ኣብ ጸልማት ኣብያተ ማእሰርቶም ክዳጉኑ ምስ ጀመሩን ዘይርጉእን ኣሻቃልን ኩነታት ተኸሲቱ። ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን እቲ ዘኽፍኣን ኣረሜናውን ኣካላውን ስነ-ኣእምራውን ግፍዒታት ተፈጺሙ። ኣብ ውሽጢ ከምዚዝኣመሰለ ውጡርን ዝተበከለን ፖለቲካዊ ኩነታት፡ እቶም ምንቅስቓሳቶምን መንበሪኦምን ኣንጻር ፈደረሽን ምስ ኢትዮጵያ ዝቀንዐ ሃገራዊ ንጥፈታቶምን ኣብ ትሕቲ ምክትታል ባእታታት ጸጥታ ኢትዮጵያ ዝኣተወ እድሪስ፡ ሓጉስን እስማዒልን ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ምእታዎም ድማ ዘገርም ኣይኮነን። ዕላማ ኢትዮጵያ ንኤርትራዊ መንነት ምሕቃቕን ኣብ ኢትዮጵያዊ መንነት ምእታውን እዩ ነይሩ።

እዞም ሰለስተ ኣዕሩኽ ንሸውዓተ ኣዋርሕ ምሉእ ኣብ ኣብያተ ማእሰርቲ ኢትዮጵያ ግፍዒን መግረፍቲን ዝመልአ ሂወት ከሕልፉ ድሕሪ ምጽናሕ ኣብ ወርሒ ሓምለ 1956 ወጺኦም ብርሃን ጽሓይ ርእዮም። ምስ ወጹ ቀጠባዊ ሂወት ኤርትራ ኣዝዩ ኣንቀልቀሉ'ዩ ጸኒሑዎም። ድሕሪ ምውጽኦም'ውን እንተዀነ ዓቕልኻ ዘጸንቕቕ፡ ሕልናኻ ዘዕርብ ኣብ ትሕቲ ቀጻሊ ምክትታል ጸጥታ'ዮም ኣትዮም።
በዚ ዝተጠቕሰ ፖለቲካውን ቀጠባውን ኩነታት ድማ እድሪስ፡ ሓጉስን እስማዒልን ውሑስን ክቡርን ሂወት ረኺቦም ሰሪሖም ንምንባር ብሓደ ወገን፡ በቲ ካልእ ድማ ኣንጻር ኢትዮጵያ ፖለቲካዊ ቃልሶም ንምቅጻል ሃገር ገዲፎም ናብ ሱዳን ተሰዲዶም። ድሓር ግን እድሪስ ኣብ መርዓ ናይ ሓደ ዘመዱ ንምስታፍ ናብ ከተማ ከረን ተመሊሱ። እንተዀነ ኩነታቱ ምእንቲ ከይፍለጥ ኣብ ከተማ ከረን ንገለ ሰዓታት

ጥራሕ'ዩ ጸኒሑ። ስለዚ ኸኣ ናይ ሻቅሎትን ፍርሒን ስምዒታት ብሓደ ወገን፡ ሓድሽ ሂወት ዝጀምረሉን ብዝተፈልየ ኣገባብ ቃልሱ ዝቅጽለሉን ተስፋ እናተሰምዖ ከኣ በቲ ካልእ፡ ድሕሪ ነዊሕ ማራቶናዊ ጉዕዞ ናብ ከተማ ከሰላ ሱዳን ቅድሚ ምእታዉ፡ ቀልጢፉ ካብ ከረን ናብ ከተማ ኣቑርደት'ዩ ከይዱ።




ሓዉ ኣልኣሚን መሓመድ ስዒድ ኣብዚ ሓድሽ ስነ-ጽሑፉ፡ ከምቲ ኣብ ብዙሕ ዛንታታት እንርእዮ ነቲ ዓበይቲ ይኹን ንኣሽቱ ፍጻሜታት ንምዝንታው ኣብ ሓደ ገጸ-ባህሪ ጥራሕ ኣይተመርኮሰን። ብኣንጻሩ'ኳ ድኣ ኣብ መንጎ'ቲ ቀንዲ ገጸ-ባህሪ እድሪስ መሓመድ ሳልሕን እቶም መሰረታውያን ጠባያት ሓጉስ ኣርዓዶምን እስማዒል ዕመሪትን ካልኦት ውልቀሰባት ከም ሼኽ መሓመድ ሳልሕ ጃብር፡ ብዓልቲ ቤቱ ምሉክ ዓብደልቃድር፡ ትርሓስ፡ ፋጥማ፡ ልኡልን ነጋሲን ወዘተ ኣዝዩ ብሉጽን ስሓቢን ቅኒት ፈጢሩ እዩ። ነፍሲ ወከፍ ገጸ-ባህሪ ኣብ ውሽጢ'ቲ መብዛሕትኡ እዋን ድምቀት ብርሃኑ ዘንጸባርቀሎም ሳሕቲ ድማ ቀንዲ ሓደገኛ ጽልዋኡ ዘውርደሎም ምዕባለ ፍጻሜታት ንህላወኦም ምኽኑይ'ዩ ዝገብሮ።
እቲ ኣገዳሲ ኣብ'ዚ ጉዳይ'ዚ እዞም ገጸ-ባህርያት እዚኣቶም ነቲ ኣብ ውሽጦም

ዘተዓቁረ፡ ኣብ ኣእምሮኣም ዝዘውር፡ ኣብ ህዋሳቶም ዝመላለስ ኣብ ምንጽብራቕ ዝተወሰኑ ጥራሕ ዘይኮኑ፡ ደራሲ ካብቲ ስድራ ቤት እድሪስ ኣብ ምብራቓዊ ጎላጉል፡ ትርሓስ ኣብ ማእከላይ ከበሳ ኣብ መዓልታዊ ሂወቶም ዘካይድዎ ንጥፈታት ተበጊሱ'ውን ንዕምቀት ወግዒን ባህልን ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ምድህሳስ ተጠቒሙሎም እዩ። ደራሲ ንስነ-ስርዓት መርዓ ኣመልኪቱ ዘቕረቦ መሃዝነት ዝመልአ ስሓብን ዕቱብን እዩ። ንደቂቕ ዝርዝራቱ ከይተረፈ ብዕምቀት ኣቕሪቡዎ ኣሎ። ንኣንባቢ ብዘዕግብ ኣገባብ ብኣዝዩ ማራኺን ገላጺን ቅዲ ክስእሎ ክኢሉ እዩ።

ኣብዚ ካልኣይ ክፋል ናይ ደራሲ ኣልኣሚን መሓመድ ስዒድ ስነ-ጥበባዊ ዕዮ፡ ማለት "ኤርትራ ምድረ-ባሕሪ" "ሓያል ቁጥዐ" ዘርእስቱ፡ ንሓሙሽተ ታሪኻዊ መድረኻትዩ ዘብርህ። ንሱ ከኣ፡ "ምብርባር፡ ኣገዳስነት ምርጫ ዕጥቃዊ ቃልሲ፡ ምውላዕ ቀዳማይቲ ጥይት፡ ምጅማር ጎነጻዊ ቃልስን ዘይቅኑዕ ኣጀማምራን" ደራሲ ንፖለቲካዊ ፍጻሜታት ኤርትራ ብታሪኻዊ ሰንሰለታዊ ኣመጻጽኣኣም ክገልጾም ከሎ፡ ብመገዲ መዓልታዊ ሂወት ናይቶም ኣብ ውሽጢ'ቲ ፍጻሜ ኮይኖም ዝጸልዉን ዝጽለዉን ገጸ-ባህርያት ኣቢሉ ከኣ ማሕበራውን ባህላውን ቍጠባውን ስነ-ኣእምራውን ዕምቀት ሂቡዎ ኣሎ። እዚ ድማ ከምቲ ደራሲ ኣብ ቀዳማይ ክፋል ዝተኸተሎ፡ ነቲ መጽሓፍ ዘሀብትም ኣገባብ እዩ። ሓያል ቍጥዐ ህዝቢ ኤርትራ ምስ ኩሉ መልክዓቱን ፍጻሜታቱን ንኣስፋሕፋሒ ባህጊታት ገዛእቲ ኢትዮጵያን መሓዙቶምን ዘቃልዕ ታሪኻውን ስነ-ሞጎታውን ባህርያዊ ውጽኢት ጥራሕ ዘይኮነ፡ ብኻልእ ሸነኽ'ውን ንፖለቲካዊ፡ ማሕበራውን ቍጠባውን ክውንነት ኤርትራ ብዘይምግናንን ምኩሑሓልን ብልክዕነት የንጸባርቕ እዩ።
እቲ ኣብ ቀዳማይ ክፋል ዝተላለናዮ ገጸ-ባህሪ እድሪስ መሓመድ ሳልሕ ቀስ ብቀስ ምስ ሂወት ሱዳን ክለማመድን ክሳነን ጀሚሩ እዩ። ናይ ብሓቂ ኸኣ ኣብ መንጎ ህዝብታት ሱዳንን ኤርትራን ዘሎ ባህላውን ማሕበራውን ምትእስሳር ናብ ዘንጸባርቕ ገጸ-ባህሪ ሱዳናዊ ማሕጁብ ኣልጃዓሊ ተለዊጡ'ዩ ክበሃል ይከኣል። ኣብ ርእሲ'ዚ ኸኣ ኣብ'ቲ ህንጻ ስነ-ጽሑፋዊ ፍርያት ብርክት ዝበሉ ኣገደስቲ ገጸ-ባህርያት ከም ዑመር የመኒን ሓጉስ ኣርዓዶምን ወዘተ ዝኣመሰሉ ንገለ ሸነኻት ናይ'ቲ ፍርያት ከም ሃይማኖታዊ ፍልልያት ኣብ ማሕበራዊ ምትእስሳር ባህላዊ ምትሕንፋጽን ዓንቃጺ ከምዘይከውን ዘብርሁ'ውን ኣለዉ። ናይ'ዚ ኣብነት ኸኣ ኤርትራዊ ክርስትያናዊ ሓጉስ ኣርዓዶም ምስ እስላማዊ ሱዳናዊ ሕብረተሰብ ኸሸመ-ልግርባ ምትሕንፋጹ ብዙሓት "ሓጉስ ኣብ

ምርጫ ከባቢ እንተ ድኣ ተሳቲፉ ግድን ክዕወት ይኽእል'ዩ” ይብሉ ነይሮም። እዚ ድማ ነበርቲ ግርባ ነቲ ሓጕስ ኣብ ልምዓት'ቲ ከባቢን ንነበርቲ ናይ ስራሕ ዕድል ንምፍጣርን ዘካይዶ ዝነበረ ንጡፍ ተራ ዘለዎም ዓሚቕ ኣኽብሮት ዘንጸባርቕ እዩ። ይኹን'ምበር ምስ ኩሉ ኣገዳስነቱን ዓሚቕ ምልክታቱን ኣብ ፍሉይ ፍጻሜ ተመርኲስካ ሓፈሻዊ ፍርዲ ክትህብ ዝከኣል ኣይኮነን።
መግዛእታዊ መንግስቲ ኢትዮጵያ ንእድሪስ መሓመድ ሳልሕ ንምእሳር ዘካየድዎ ፈተነ ድሕሪ ምፍሻሉ፡ ንዝነበሮ ሕርቃን ንምውጻእ ብመገዲ ኣረሜናውያን ናይ ጸጥታ ትካላቱ ኣቢሉ ኣብ ልዕሊ ሓዉ ኣሕመድ እድሪስ ግፍዒታት ፈጺሙ። ኣሕመድ ግን ገበን ስለዝፈጸመ ዘይኮነስ፡ ሓዉ ስለዘምለጦም ኣብኡ ትሃናም ንምውጻእ ጥራሕ እዩ። ኣብ ኤርትራ ብተኸታታሊ ዝመጹ መግዛእታውያን ስርዓታት ዝኽተልዎ ዝነበሩ እስትራተጂ ኸኣ እዚ እዩ። ብዝኾነ እድሪስ ናብ ሱዳን ብምኻድ ኣብ ከተማ ከሰላ'ዩ ተቀሚጡ። ነበርቲ ከሰላ'ውን ከም ጋሻ ወይ ስደተኛ ኣይርኣይዎን። እኳ ድኣ ከሰላን ነበርታን ብባህልን ልምድን ማሕበራዊ ኣቓውማን ከም ባህርያዊ መቐጸልታ ከተማታትን ዓድታትን ምዕራብ ኤርትራ ኮይኖም'ዩ ረኺቡዎ። ቀቢላታት በኒዓምር፡ ሓባብን ቢጃን ኣብ ወሰናስን ዶብ ክልቲኣን ሃገራት'ዮም ዝነብሩ። ነበርቲ ናይ'ቲ ከባቢ ብወገን ኤርትራ ይኹን ብወገን ሱዳን ንዶብ ግምት ስለዘይህብዎ ዶብ ኣሎ ክትብል'ውን ኣይትኽእልን ኢኻ። ብዓልቲ ቤቱ ፋጥማ እውን ኣብ ከሰላ ንምንባርን ምስ ህዝቢ ንምውህሃድን ዝኾነ ይኹን ዕንቅፋት ኣየጋጠማን። ስለዚ ከኣ ምስ ኣንስቲ ናይ'ተን ኣብ ከባቢታት ዶብ ብሓባር ዝነብራ ቀቢላታት ሱዳንን ኤርትራን ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ካብኡ ሓሊፉ ምስ ኣንስቲ ጅዓልያ፡ ሻግያ፡ ደናግላን ኑባን ከይተረፈ ድልዱል ዝምድናን ዕርክነትን'ውን መስሪታ እያ። ደራሲ ካብዚ ማሕበራዊ ምትእስሳር ሰጊሩ'ውን ካብ ኤርትራ ናብ ከሰላን ቶኮርን ዝፈሱ ከም ሰቲትን ጋሽ-ባርካን ዝኣመሰሉ ውሓይዝ ዶብ ከይዓጀቦም ንመሬትን ህዝቢ ሱዳንን ብጸጋኦም ከምዘርውዩን ዘልምዑን ሓቢሩ ኣሎ።

እድሪስ ዕለታዊ መግቢ ንስድራቤቱ ዘረጋግጸሉ ስራሕ ንምርካብ ኣብ ምድላይ'ኳ እንተ ነበረ፡ ቀዳማይ ሓሳቡን ሻቕሎቱን ግን ብዛዕባ'ቲ ኣብ ሃገሩ ዝኸይድ ዝነበረ ቅልጡፍ ፖለቲካዊ ምዕባለታት ንምፍላጥ ዘተኮረ'ዩ ነይሩ። ስለዚ ኸኣ ካብዝን ካብትን ዜናታት ምእካብ ኮይኑ ስራሑ። ጐረባብቲ ሃገራት በቲ ዝኸይድ ዝነበረ ምዕባለታት ከም ዝጽለዋን ኣብ ነንሓድሕደን ከምዝጸላለዋን መጠን ከኣ፡ ኣብ ሱዳን ዝኸይድ ዝነበረ

ፍጻሜታት እናተኸታተለ እንከሎ፡ ንዝፈልጦም ሱዳናውያን ድማ ብዛዕባ ፖለቲካዊ ኩነታት ሃገሩ ይገልጸሎም ነበረ። ኣብ 1958 ጀነራል ኢብራሂም ዓቡድ ኣብ ልዕሊ ሲቭላዊ ሃገራዊ መንግስቲ ቀዳማይ ወተሃደራዊ ዕልዋ ብምክያድ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ሱዳን ጸበባ ክፈጥር ከሎ ኸኣ ኣብ ሱዳን'ዩ ነይሩ። ቀጠባዊ ሂወት እናንቀልቀለ ስለዝኸደ ድማ እድሪስ ሓደ ካብቶም ናይ'ቲ ፍጻሜ ግዳይ ኮይኑ።

እዚ ሱዳን ብዝምልከት መዳይ ክኸውን ከሎ፡ ብኤርትራ ጉዳይ እንተ ድኣ ርኢና ኸኣ፡ ስርዓት ጀነራል ዓቡድ ዝምድናኡ ምስ ኢቦሮጦርያዊ ስርዓት ኢትዮጵያ ብምድልዳል ንሃገራውያን ሓይልታት ኤርትራ ካብ ሱዳን ክሰጉግን ክሃድኖምን ጀሚሩ። ተጻብኦ ስርዓት ዓቡድ በዚ ደው ከይበለ፡ ክሳብ ንኤርትራውያን ተጋደልቲ ኣሲሩ ንስርዓት ኢትዮጵያ ኣረኪቡዎም። ካብኡ ሓሊፉ ኸኣ ነቶም ካብ ተማእዛዝነት መግዛእቲ ኢትዮጵያ ንዝወጹ ትምህርቲ ክኾኑ ብምባል፡ ንዝሓዞም ተጋደልቲ ብምቅንጻል ንሬሳኦም ከም ኣብነት የቅርቦ ነይሩ። ይኹን'ምበር ህዝቢ ኤርትራ ንምእንቲ ናጽነቱን ሓርነቱን ጽንዓቱን ተወፋይነቱን ብምሕያል ንሕልምታት ኢምቦሮጦርያ ኣምኪኑዎ።

እድሪስ ኣብ ከባቢ ዶብ እትርከብ ከተማ ከሰላ ይቕመጥ ስለዝነበረ፡ በቶም ካብ ግፍዒታትን ማእሰርቲን ትካላት ጸጥታ መግዛእቲ ንምምላጥ ብዘይምቁራጽ ናብ ሱዳን ዝውሕዙ ዝነበሩ ኤርትራውያን ኣቢሉ ፖለቲካዊ ፍጻሜታት ኤርትራ ንምርካብ ይጸገም ኣይነበረን። ከምኡ'ውን መሰርሕ ምምስራት ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ ኣብ 1958 ምስ ኩሉ'ቲ ዝነበሮ ምስጢራዊ ኣሰራርሓ ሓደ ካብቶም ቀዳሞት ዝተኸታተልዎን ዝፈልጥዎን እዩ። ብተወሳኺ ነቲ "ምርግጋጽ ሃገራዊ ሓድነት፡ ምእንቲ ናጽነት ኤርትራ ምስራሕን ሃገራዊ ደሞክራስያዊ ስርዓት ምርግጋጽን" ዝብል ፖለቲካዊ ፕሮግራም ናይ'ቲ ምንቅስቓስ ክፍለጥ ክኢሉ። ኣብ ርእሲ'ዚ ብቀረባን ብልዑል ተግዳስነትን ምላድ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ፡ ምጅማር ዕጥቃዊ ቃልሲ ኣብ 1961 ብመሪሕነት ሓምድ እድሪስ ዓዋተ፡ ኣብ መንጎ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራን ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን ዝነበረ ዘይምኽኑይ ውድድርን ውሽጣዊ ግርጭታት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን ይከታተሎ ነይሩ። ስለዚ ከኣ በቲ ካብ ሜዳ ኤርትራ ዝመጽእን ካብ ፖርት-ሱዳን ዝውንጨፈን ዘሐጉስን ዘሰንብድን ዜናታት ሞራላዊ መንፈስ እድሪስ ምውራዱን ምድያቡን ዘገርም ኣይነበረ።

ምስ ግዜ ግን መነባብሮ ስድራ ቤት እድሪስ ኣብ ከሰላ እናኸፍአ ከይዱ። እቲ ዝኸፍአ ድማ ፖለቲካዊ ኩነታት ሱዳን እናንቀልቀለ ስለዝኸደ፡ ስርዓት ዓቡድ ነቲ ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ሕብረተሰብ ሱዳን ዝካይዶ ዝነበረ ሰውራዊ ምልዕዓል ንምቅሃምን ምልካዊ ስልጣኑ ንምውሓስን ብዝብል ዝኸፍአን ዝመረረን ጸጥታዊ ስጉምቲታት ክወስድ ምጅማሩ እዩ። እዚን ካልእን ሓፈሻውን ፍሉይን ኩነታት ተደሚሩ ኸኣ፡ እድሪስ ኣብ መጨረሽታ ዝጽበዮ ዝነበረ ናይ ህላወ ብድሆ ብዘየገድስ፡ ናብ ሃገሩ ንምምላስ ብዕቱብ ክሓስብ ጀሚሩ። ናብ ትውልዲ ሃገሩ ንምምላስ እናሓሰበ ከሎ ግን፡ ኣብ ጥቅምቲ 1964 ህዝባዊ ምልዕዓል ሱዳን ከም ማሕታ በርቂ ነቲ ንሽዱሽተ ዓመታት ንሱዳን ኣንጸላልዩ ዝነበረ ጸልማት መዋእል ብምቅንጣጥ ብርሃን ሓርነት ኣበሲሩ። ኣብ ውሽጢ ከምዚ ዝኣመሰለ ኩነታት ከኣ ኣብ ሜዳ ሱዳን ኣብ መንጎ ዝተፈላለያ ጸጋማውያን፡ ሊበራላውያንን ቀቢላውያንን ፖለቲካውያን ሰልፊታት ሱዳን ፖለቲካዊ ንጥፈታት ጀሚሩ። መብዛሕትአ ከኣ ምስ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ከም ዝደጋገፋ ኣዊጀን።

ከምዚ ኢሉ ኸኣ ሱዳን ኣብ ሓድሽ ታሪኻዊ መድረኽ ኣትዩ። ድሕሪ መስመር ሰውራ ኤርትራ ውሑስ ከም ዝኾነን ሜዳ ሱዳን ምስ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዝደጋገፍ ፖለቲካዊ ንጥፈታት ዝካየደሉ ምዃኑን ድማ እድሪስ ክርዳእ ከኣለ። ቀጠባዊ ኩነታት ከሰላን ካልኦት ከተማታትን ሱዳን ኸኣ ሂወት ክዘርእን ክበራበርን ዕድል ረኺቡ። በቲ ሰውራ ጥቅምቲ ዝፈጠሮ ፖለቲካዊ ሃዋሁው ኣብ ሱዳንን ከባቢኡን ብዝኸይድ ዝነበረ ምዕባለታት ሕጉስ'ኳ እንተ ነበረ፡ እቲ ኣብ መንጎ ናይ ዕላማን ቃልስን ብጾት ከየጋጥም ዝፈርሖ ዝነበረ ፍጻሜ ግን ከም በርቂ ወሪዱ። ኩናት ሓድሕድ ብፍላይ ከኣ ዒላ-ጻዕዳ ቀታሊ ስሚ ኣብ ኣብ ሰውራ ኤርትራ ዘሪኡ። ኣብ 1965 ኣብ መንጎ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራን ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን ብሉጻት ተጋደልቲ ሰውራ ዝወደቅሉ ዘይምኽኑይ ኩናት ተኻይዱ። በዚ ድማ ኣብ ኣብ መንፈስን ኣካልን ኣእምሮን መሪሕነት ክልቲኡ ውድባት ቀታሊ ቫይረስ ተዘሪኡ። እዚ ቀታሊ ቫይረስ'ዚ ግን ካብ ሰማይ ዝወረደ ኣይነበረን። ምኽንያቱ ሰማይ ወርቂ ይኹን መዓት ዘዝንብ ስለዘይኮነ። ወድዓዊ ታሪኻዊ መግለጺ ኩናት ሓድሕድ ኤርትራ፡ ብዝሰፍሐ ክትገልጾ እዚ ዓንቀጽ'ዚ ዕድል ዝህብ'ኳ እንተ ዘይኮነ፡ ብደረጃታቱ ዝፈላለ ሓደ ካብ ወድዓዊ ጠንቂታቱ "ዘይቅኑዕ ኣጀማምራ" ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራን

ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን እዩ። እዚ ከኣ ናይ'ዚ ሓሙሻይን መወዳእታን ክፋል ኣርእስቲ ናይ ደራሲ ኣልኣሚን መሓመድ ስዒድ እዩ።

ከም ውጽኢት ድምር ናይ'ቲ ኣብ ሜዳ ሱዳንን ኤርትራን ዘተኸስተ እወታውን ኣሉታውን ምዕባለታት ኣብ ኣካላት እድሪስ ተስፉ ክዘርእ ከሎ ብኡ መጠን ኸኣ ኣብ ልቡ ሓዘን ተኸሊሉ እዩ። እንተኾነ ግን ተሰፋ ይኹን ሓዘን ንእድሪስ መሓመድ ሳልሕ ካብ'ቲ ዝኸፍሎ ዋጋ ብዘየገድስ ናብ መሬት ሃገሩ ንምምላስ ዝመደቦ ናይ መጨረሽታ ውሳነኡ ክመልሶ ዝኽእል ኣይነበረን። ነዚ ዘረጋግጽ ኸኣ፡ እቲ ደራሲ ብስዉርን ግሉጽን ኣገባብ ዘመሓላለፎ መልእኽቲታት እዩ።